## ናይ ደቀንስትዮ መጽለሊ ወይ መዕቆቢ
## መይን-ታውኑስ-ክሪስ



ናይ ደቀንስትዮ መጽለሊ፡ ነተን ግዳይ ምፍርራሕ ዝኾና
ወይ ብዘቤታዊ ጎነጽ ዝተጸልዋ ደቀንስትዮን ንህጻናተንን፡
ሓለዋን መዕቆቢን
ይምጥወለን።
ብመልክዕ ናይ ህጹጽ ረዲኤት መንበሪ ገዛ ወይ ውልቃዊ ሓገዝ፡
መጽለሊ ይቕበላ።

**ቴለፎን 06192 26255**

ኣብቲ ናይ ደቀንስትዮ መጽለሊ ፍቓድ ክትረክብ ቢሮክራሲያዊ
ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ መዓልቲ ወይ ለይቲ ፍቓድ ክትረክብ
ዝከኣል እዩ። ብምኽንያት ውሕስነት፡ እቲ ኣድራሻ ብስቱር
ተዓቂቡ ኣሎ።

ተወሳኺ ሓበሬታ

**www.frauenhelfenfrauenmtkev.de**

ክትገብሮ እትኽእል

ቍጽሪ ሕሳብ ናይ ረዲኤት ወይ ልግሲታት
ፍራወን ሄልፈን ፍራወን መይን-ታውኑስ-ክሪስ ኢ። ቪ.
ታዉኑስስፓርካስ
ኣይ.ቢ.ኤይ.ኤን. ዲ.ኢ.90 5125 0000 0002 0204 83
ቢክ ሄላደፍ1ቲ.ኤስ.ክይ

ኣባል ማሕበር ንምዃን ዝግበር መመልከቲ

ማእከል ማዕዳ-ምኽሪን ጣልቃ ምእትታውን
ሰይለርባህን 2–4, 65719 ሆፍሀይም
ቴለፎን 06192 24212
frauenberatungsstelle-fhfmtk@t-online.de

ፍራወንሃዉስ መይን-ታዋኑስ-ክሪስ
ቍጽሪ ሳጹን ፖስጣ 1352, 65703 ሆፍሀይም
ቴለፎን 06192 26255
fhfmtk@t-online.de

Ermöglicht durch das Sozialbudget
HESSEN

Frauenhaus-koordinierung e.V.
bff: FRAUEN GEGEN GEWALT E.V.

Frauen helfen Frauen
Main-Taunus-Kreis e.V.

# »ኣይፋል« ንጎነጽ
# ኣንጻር ደቀንስትዮን ህጻናትን



Tingrinisch

»Nein« zu Gewalt an Frauen und Kindern

## ማእከል ማዕዳ-ምኽሪን
## ጣልቃ ምእታውን



ማእከል ማዕዳ-ምኽሪ፡ ደቀንስትዮ ኣብ ግዜ ግርጭት

ወይ ህጹጽ ኩነታት ዝኸድኦ ቦታ እዩ። እዚ፡ እቲ እንኮ
ብሉጽ ማእከል ማዕዳ-ምኽሪ
ወይ ዘቤታዊ ጎነጽ ኣብ ዞባ መይን-ታውኑስ እዩ።

**ቴሌፎን 06192 24212**

ቴለፎንን ሰዓታት ስራሕን ድማ፡
ሰሉስ 2 ድ.ቐ. – 6 ድ.ቐ.
ሓሙስ 9 ቅ.ቐ. – 1 ድ.ቐ.
ዓርቢ 9 ቅ.ቐ. – 1 ድ.ቐ.

ተወሳኺ ሓበሬታ

## ኣገልግሎታት ናይ ማእከል ማዕዳ-ምኽሪን ጣልቃ ምእታውን

- ኣዝዩ ስሉጥ ምኽሪ ድሕሪ ምትእትታው
- ዘቤታዊ ጎነጽ ምስ ዘጋጥም ኣቕዲምካ ናይ መከላኸሊ ኣገልግሎታት
- ስነ-ልቦናዊ ምኽሪ
  - ኣብ መንጎ መጻምዲ ግርጭታት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን
  - ኣብ ግዜ መስርሕ ምፍልላይ
  - ድሕሪ ምፍልላይ/ፍትሕ
  - መጻምዲ ብምትሕብባር ምኽሪ ይወስዱ
- ሓበሬታ ብዛዕባ
  - ውሕስነት መነባብሮ
  - ምፍልላይን ፍትሕን
  - ህጻን ኣብ ትሕቲ ሓደራን ናይ ምብጻሕ መሰልን
  - ውሕስነት ኣንጻር ተግባራት ጎነጽ/ ኣዳህሊልካ ምጥቃዕ
- ዝምድና ምስ ትካል ከምኡ'ውን ምትሕብባር
- ላዕለዋይ ክኢላ ምኽሪን ኣቀራርባን
- ሓበሬታዊ ፍጻሜታት
- ምስ ጉጅለታት ምስራሕ

## ማእከል ማዕዳ-ምኽሪን ጣልቃ ምእታውን

ዘቤታዊ ጎነጽ፡ ኣንጻር ደቀንስትዮ ዝቐንዐ እቲ ኣዝዩ ዝርጉሕ ዓይነት ጎነጽ ኣብ ሕብረተሰብና እዩ። እዚ ከኣ ኣካላዊ ጎነጽ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊን ጾታዊ ጎነጽን ዘጠቓልለ እዩ።

ዝበዝሐ ግዜ፡ ጎነጽ ብምህራም ኣይጅምርን እዩ። ብኣንጻሩ፡ ብምውራድ፡ ብምጽራፍ ወይ ዘለፋ፡ ብምቁጽጻርን ወይ ማሕበራዊ ምግላል እዩ ዝጅምር። ዝበዝሐ ግዜ፡ እተን መጀመርያ በዚ ዝጽልዋ፡ ኣይፍለጣን እየን። ኣብ ዝምድናኦም ገለ ነገር ሕማቕ ከምዘጋጠመ ግን ጸኒሑ ጥራይ'ዩ ዝፍለጥ።

ዝኾነት ዓለንስተይቲ ትም ኢላ ጎነጽ ክትቅበልን ክትጻወርን ኣይግባኣን እዩ። ብመገዲ ኣዋጅ ሓለዋ ኣንጻር ጎነጽ (ኣብ 2002 ኣብ ትግባረ ዝወረደ)፡ ዘቤታዊ ጎነጽ ፍጹም ውልቃዊ ጉዳይ ኣይኮነን።

ኣብ እዋን ግርጭት ወይ ህጹጽ ኩነታት፡ ነተን ካብ ዞባ መይን-ታውኑስ ዝኾነ ደቀንስትዮ ምኽሪ ንህብ ኢና።

ብቴለፎን ቆጸራ እንተደኣ ተገይሩ፡
ብውልቂ ምኽሪ ምርካብ ዝከኣል እዩ። ኩሎም ዝርርባት ስቱራትን ክፉታትን እዮም። ምኽሪ ምርካብ ዝኽፈሎ ኣይኮነን፣ ከምኡ'ውን ብመሰረት ጠለብ ስም ደላዪ ምኽሪ ብምስጢር ክትሓዝ ዝኽእል እዩ።

ረዴትኩም ወይ ልግስኹም ክንቅበል ኣዝዩና ሕጉሳት ኢና።

ብዛዕባ እዚ ተወሳኺ ሓበሬታ፡
ኣብ ኢንተርነት ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ www.frauenhelfenfrauenmt-kev.de. ክርከብ ዝከኣል ኣዩ።

## ናይ ደቀንስትዮ መጽለሊ መይን-ታውኑስ-ክሪስ

ናይ ደቀንስትዮ መጽለሊታት፡ ብፍሉይ ውሑስ ዝኾነ ናይ ሓለዋን መዕቆቢን ቦታታት እዩ። ናታቶም ኣደርራሻታት ኣብቲ መሐበሪ ክርከቡ ኣይክእሉን እዮም።. ኣካላዊ ጎነጽ፡ ጾታዊ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጎነጽ ዘጋጠመን ኩለን ደቀንስትዮ፡ ምስ ደቀን ወይ ብዘይ ደቀን – ማለት ካበይ መጺአን፡ ደረጃ ሕጋዊ መንበሪአን፡ ወይ'ውን ብፋይናንሲያዊ መዳይ ርእሰይ ዝኽእላ እንተኾና ብዘየገድስ፡ ኣብዚ ውሕስነትን ደገፍን ክረኽባ ይኽእላ እየን።

ኣብ ናይ ደቀንስትዮ መጽለሊ ወይ መዕቆቢ ዝወሰዳ ደቀንስትዮን ህጻናትን፡ መነባብሮአን መታን ከውሕሳ፡ ሕቶታት ብዛዕባ ህጻን ኣብ ትሕቲ ሓደራን ናይ ምብጻሕ መሰልን ከምኡ ድማ ብዛዕባ ምፍልላይን ፍትሕን ሓበሬታን ደገፍን ይቕበላ።

እንተኾነ፡ ናይ ደቀንስትዮ መጽለሊ ገዛ ኣይኮነን። ኩለን ኣብዚ ዝነበራ፡ ብዛዕባ መዓልታዊ ኣወዳድባአን ከምኡ ድማ ምዕባይ ደቀን ዝምልከት ሓላፍነት ይወስዳ እየን።

ህጻናት ኩሉ ግዜ ንዘቤታዊ ጎነጽ ዝተቓልዑ እዮም። ንውልቀ-ሰባትን ጉጅለታት ኣገልግሎት ስነ-ምምሃር ንቐርብ ኢና። ኣባላት ሰራሕተኛታትና እውን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ህጻናትን ኣብያተ ትምህርቲን፡ ናይ ምዝገባን ዳግመ ምዝገባን ሓገዝ ይህቡ እዮም።

ኣብ ናይ ደቀንስትዮ መጽለሊ፡ ቦታ ዝደልያ ዘለዋ ደቀንስትዮ፡ ኣቕዲመን ብቴለፎን ምኽሪ ክረኽባ ይፍቀደን እዩ። ዝከኣል እንተኰይኑ፡ ኣየናይ ሰነዳትን ውልቃዊ ንብረትን እዮም ምስኣታቶም ከማልኡ ዘለዎም ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

## ኣገልግሎታት ኣብ ናይ ደቀንስትዮ መጽለሊ ወይ መዕቆቢ

- ስነ-ልቦናዊ ምኽሪ
- ናይ ምፍርራሕ ወይ ምጉብዕባ ትንተና
- ሓገዝ ምስ መዓልታዊ ሂወት ንምጒዓዝ
- ]ኣብ ሂወት ሓደስቲ መኣዝናት ወይ ጠመተታት ምምዕባል
- መሰነይታ ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብያተ ፍርዲ፡ መደባራት ፖሊስን ወዘተ።
- ንደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ዝወሃብ ቀረባት ስነ-ምምህርና
- ንበይንኻን ብጉጅለን ዝስራሕ
- ሓገዝ ኣብ እዋን መስርሕ ተመኩሮታት ጎነጽ
- ኣብ'ቲ ትነብረሉ ዘለኻ ሓዲሽ ኣከባቢ፡ ንገዛእ ርእስኻ ብምልላይ ሓግዛ

### ሓበሬታ ብዛዕባ

- ውሕስነት መነባብሮ
- ምፍልላይን ፍትሕን
- ህጻን ኣብ ትሕቲ ሓደራን ናይ ምብጻሕ መሰልን
- ውሕስነት ኣንጻር ተግባራት ጎነጽ/ ኣዳህሊልካ ምጥቃዕ

### ዝምድና ምስ ትካል ከምኡ'ውን ምትሕብባር